# ገርዛም

ካብ ብሱል እባ ከአ ጥረ ኣሎ

ገርዛም ዶ ክንብሎ

ኮራርምቲ ምሕያኽ ዘይከኣሎ

ኩርኳሕ ምስ ኮኖ ትፍ ዝብሎ

እቲ ዓሚ ዝፈረየ እንደ ኣሉ

ኣብ ቆፎ ዝጸንሐ ንዘርኢ ተባሂሉ

ዓኺይ ዝዓቆሮ ፍርቂ ከብዱ ኮይኑ

ያኢ ክበዝሓሉ ክርእዮ ሰሲኑ

እዋን ዘርኢ ምስ በጽሐ ጽግኢ ተደልዲሉ

ድንኩላታ ሰቢሩ ዓግማታ ደልዲሉ

ስመር ኢሉ ደርበዮ

መን ምኺኑ ከየለለዮ

ከም ብጾቱ ዝናብ ጽብሓት ሰትዩ

ማራ ናይታ ምድሪ መጽዩ

ጎርፋዕፋዕ በለ ዓበየ

ካዕበት ድማ ፈረየ

ወዮ ዓኺይ ሞጎ ንኹቋደስ ኣብ ቁራዕ እንተብሰላ

ዕጭ ሓንፈፈ ኣይለዝብን በለ

እቶም ብጾቱ ክእዘዙ ንሓዊ ኢዶም ክህቡ

ንሱ ግና ወይከ ኣበየ ከኒቡ

ነቲ ዝጸዓረ ከሊእዎ ዓስቡ

## ገርዛም

እዚ`ኸ መን ንበሎ ኣብ ማእከል ቅዱሳን ዝዓበየ

ቃሉ ዝተመገበ መንፈሱ ዝሰተየ

እቲ ሓጻቢ ክጸርየሉ እናተጸበየ

ኣብ ሓተልኡ ዝነብር ለውጢ ከየርኣየ

ዝብላዕ ዘይብሉ መጺጽ ዝፈረየ ፧